# እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጢ ነፍሲ ወከፍ ኣብ'ዛ ዓለም ዝተወልደ ሰብ ኣሎ፣ እምነቱ ወይ እምነት ወለዱ ብዘይገድስ

ቀዳም፣ ሰነ 15, 2013  ሰዓት 23፣44

ኣነ በቲ መንፈስኩም ዝሰርሕ ፍቑርኩም የሱስ ኢየ። ዋላ ኣብ'ቲ ዕሽሽ እትብሉኒ ግዜ፣ ኣብ'ዚኣ ኣለኹ። ብመንገዲ መንፈስኩም ኢየ ዝሰርሕ፣ ንዓይ ስለዝሃብኩምኒ፣ ብኸምኡ ድማ ኩልግዜ ስለይን ምሳይን ክትሳቐዩ ኢኹም።

ሎሚ፣ 'ዛ ዓለይ፣ ነቶም ብእግዚኣብሄር ኣይንኣምንን ኢና ዝብሉ እጽውዕ ኣለኹ። ብእግዚኣብሄር ዘይትኣምኑ እንተ'ኾንኩም፣ ከመይ ኢልኩም እግዚኣብሄር ከም ዘሎ ከምእትፈልጡ ሕጂ ክገልጸልኩም ኣለኒ። እግዚኣብሄር ምስ ዝኾነ ዓይነት ፍጥረት ናይ ተምሳጥን ምግራምን ስምዒት ፈጢሩ ኢዩ፣ እዚ ስምዒት ድማ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ነፍሲ ንካልኦት ፍጥረታት እግዚኣብሄር ስምዒት ብርቱዕ ፍቕሪ ይፈጥር።

ነፍሲ ወከፍኩም ፍጥረት እግዚኣብሄር ኢኹም። እዚ ጭብጢ ኢዩ። ገሌታትኩም ምስ ዓብዪ ጽባቐ ተወለድኩም። ገሌታትኩም ምስ ጉድለታት ተወለድኩም። ገሌኦም'ውን ምስ ክቱር ኣበር ተወለዱ። እንተኾነ ኩሎም ዝተወለዱሉ ምኽንያት'ሲ እግዚኣብሄር ስለዝፈቐዶ ኢዩ።

ብዙሓት ካባኻትኩም ነቶም ኣበር ዘለዎም ደቂ እግዚኣብሄር ሂወት ምኽላኦም ቅቡል ትገብርዎ ኢኹም። ገሌኹም ንደቂ እግዚኣብሄር ኣብ ማሕጸን እንከለዉ ቀቲልኩም፣ ቅቡል ንኽትገብሩዎ ምኽንያታት ትፈጥሩ ኢኹም፣ እቶም ዝበዝሑ ምኽንያታት ናይ ስስዔ (ነብስኻ-ምፍታው) ኢዮም። ስለ'ዚ፣ ክትኩነኑ ኢኹም፣ ንሕድገትኩም እንተዘይሓቲትኩምኒ። ሕድገት ክግበረልኩም ኢዩ፣ እንተኾነ በቲ ንኣቦይ ንምጽራፉ ዝገበርኩሞ ብሓቂ እንተጕሂኹም ጥራይ ኢዩ።

ገሌኹም ምስ ኣበራትኩም ኢኹም ተወሊድኩም፣ እዚ ድማ ኣብ ሂወትኩም ሕማቕ ቁስሊ ዝፈጥር ኢዩ። እዚ ኣዝዩ ከቢድ እኳ እንተኾነ፣ እዚ ስቅያት ንኻልኦት ከተድሕኑሉ ኢዩ ተዋሂብኩም፣ እንተዘይኮይኑ ግን ህላዌኦም ከብቅዕ ኢዩ። ርኤኹም፣ እቶን ንኣቦይ ዘዋርዱን ፈጺሞም ንሓጥያታቶም ሕድገት ዘይሓቱን ነፍሳት ኣብ ገሃነም እሳት ንዘልኣለም ክነብሩ ኢዮም። ናታትኩም ስቅያት ንድሕነቶም ሓጋዚ ኢዩ፣ ንሳቶም ንነፍሶም ከድሕኑ ኣይኽሉን ከምኡ'ውን ኣይደልዩን ስለዝኾኑ። ነዚ ስቅያት ቅድሚ ምውላድኩም ኢኹም መሪጽኩሞ። ነዚ ሕጂ ወይ'ውን ድሒርኩም ትቕበሉዎ ትኾኑ፣ እንተኾነ ኣብ መንግስተይ ውሑሳት ኢኹም፣ ክብሪ ንዘልኣለም ናታትኩም ክትከውን ኢያ'ሞ።

ናትኩም የሱስ